# ኣብብሄራዊክልላዊመንግስቲትግራይ
# ቤትፅሕፈትፕረዚደንትላዕለዋይቤትፍርዲ
# THE NATIONAL REGIONAL STATE OF TIGRAI
# PRESIDENT OFFICE OF THE SUPREME COURT


ቁፅሪ 01/ፕ6/235/17
ዕለት 28/06/2017ዓ/ም

ናብ ኩለን ማእኸላይን ምድብ መጋባእያታት ኣብያተ ፍርዲ ክ/ትግራይ

<u>ኣብ ኣለወኦ ፤</u>

ናብ ________________________ ምድብ መጋባእያ ብፅሒት ፤

**ዋኒኑ፥- <u>ብዛዕባ ብመጋባእያ ሰበር ላ/ቤ/ፍርዲ ዝተውሃበ መገደዳይ ትርጉም ሕጊ</u>**

**<u>ምልኣኽ ይምልከት ፤</u>**

መጋባእያ ሰበር ላዕ/ቤ/ፍርዲ ክልል ትግራይ ብኣዋጅ ቁፅሪ 332/2012 ዓንቀፅ 20 (1,2) ን ብዝተውሃቦ ስልጣን መሰረት መገደዳይ ትርጉም ሕጊ ከም ዝህብ ዝፍለጥ እዩ ፡፡ በዚ መሰረት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ሰበር መጋባእያ ኣብ መ/ቑ ሰ.መ.ቁ. 125259 ዝሃቦ መገደዳይ ትርጉም ሕጊ ምስ እዚ መሰነይታ ደብዳበ 7 ገፅ ዝተልኣኸልኩም ምዃኑ ፈሊጥኩም ኣብ ትሕቲኩም ንዝርከባ መጋባእያታትን ወረዳ ኣብያተ ፍርዲ እውን ፎቶ ኮፒ እናገበርኩም ንኽትልእኩለን የተሓሳስብ ፡፡

**" ምስ ሰላምታ"**

ዶ/ር ፀጋይ ብርሃነ ገ/ተኽለ
ፕሬዚደንት
Tsegai Berhane Ghebretekle (PhD)
President

ቅዳሕ

- ንመጋባእያታት ላ/ቤ/ፍርዲ
  <u>መቐለ፤</u>


TEL 0344-411204,0344-404312 POBOX 328 FAX 0344- 404301

**ሰ.መ.ቁ 125259**

*ዕለት:-* <u>*26/06/2017 ዓ/ም*</u>

*ዳያኑ*

1. *ፀጋይ ብርሃነ (ዶ/ር)*
2. *ገ/ኣምላኽ የዕብዮ*
3. *ልኡል ገ/መድህን*
4. *ሓጎስ ተስፋይ*
5. *በየነ ወ/ስላሰ*
6. *ሰላማዊት ገ/ስላሰ*
7. *ምትኩ በርሀ*

ኣመልካቲ፦ ቢሮ ፍትሒ ክልል ትግራይ - ዓ/ሕጊ ኣርኣያ ገ/ሂወት

ተፀዋዒ፦ ቴወድሮስ ፀሃየ በየነ

*መዝገብ ተመርሚሩ ዝስዕብ ፍርዲ ተዋሂቡ ኣሎ።*

*ፍርዲ*

ኣብዚ መዝገብ ዘካትዕ ዘሎ ዋኒን ገበን ኮይኑ፣ነዚ ፍርዲ እዚ ንምሃብ ምኽንያት ዝኾነ ኣመልካቲ ኣብ ዘካትዕ ዝነበረ ገበን ክቢድ ኣካል ምጉዳል ወረዳ ቤት ፍርዲ ላዕላይ ማጨው ብዕለት 30/6/2012ዓ/ም ብገ.መ.ቑ 13045 ኣብ ዝወዓሎ መጋባእያ ዝሃቦ ውሳነን ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣኽሱም ብዕለት 12/10/2012 ዓ.ም ብገ.መ.ቑ 27480 ኣብ ዝወዓሎ መጋባእያ ዝሃቦ ውሳነን መሰረታዊ ጌጋ ሕጊ ፈፂሞም እዮም ብምባል ናብ መጋባእያ ዋኒን ሰበር ላዕለዋይ ቤትፍርዲ ክልል ትግራይ ጥርዓን ስለዘቕረቡ እዩ ።

ነዚ ጥርዓን ኣመልካቲ መሰረት ብምግባር ብመጋባእያ ዋኒን ሰበር ምዕራይ ገበን ንጥርዓን ኣመልካቲ መርሚሩ ዝሓዞ መቕረቢ ነጥቢ ፦ ብሱር ኣብያተ ፍርዲ ዝተረጋገፀ ግዙፋዊ ፍረነገር ኣብ ገበን ክቢድ ኣካል ጉድኣት ዝወድቕ ድዩ ወይስ ኣብ ገበን ቐሊል ኣካል ጉድኣት ዝወድቕ እዩ? ዝብል እዩ። እንተኾነ ግና ኣብዚ መቕረቢ ነጥቢ እዚ ቕድሚ ነዚ ዋኒን ዝሓዝዎ 5 ዝተሰየሙ ዳያኑ ዕልባት ምሃቦም ካልእ ትርጉም ሕጊ ንክወሃቦሉ ዝተኣመነሉ መቕረቢ ነጥቢ፦ ጥርዓን ኣመልካቲ ናብ ሰበር መጋባእያ ክቐርብ ዝግብእ ድዩ ኣይኮነን? ሰበር መጋባእያ ንጥርዓን ኣመልካቲ መርሚሩ ዳይነት ክህበሉ ስልጣን ኣለዎ ዶ የብሉን? ዝብል ተታሒዙ ብሸውዓተ ዳያኑ ትርጉም ሕጊ ንክወሃቦሉ እዩ ።

ብኣንፃር ትርጉም ሕጊ ክወሃቦ ዝተደለየ መቕረቢ ነጥቢ ኣመፃፅኡ ሱር መዝገብ ፀሚቕካ እንትርአ ዓ/ሕጊ ኣብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ላዕላይ ማይጨው ብዕለት 24/2/2012 ዓ/ም ብዝተዳለወ ክሲ ኣብ ልዕሊ ተፀዋዒ ክሲ ብምምስራቱ ክትዕ ዝጀመረ ኮይኑ፣ ትሕዝቶ ናይቲ ክሲ ድማ ፦ ተኸሳሲ ንገ/ሕ/ቑ 555(ለ) ተመሓላሊፉ ኮነ ኢሉ ኣብ ኣካልን ጥዕናን ሰብ ጉድኣት ንምብፃሕ ሓሲቡ ብዕለት 24/11/2011ዓ/ም ብግምት ካብ 2 ክሳብ 3 ሰዓት ናይ ምሸት ዝኸውን ኣብ ወረዳ ላዕላይ ማይጨው፣ ጣብያ ማይ ወይኒ ፍሉይ ቦታ ደንበ ገዛ ኣብ ዝብሃል ቦታ ኳናይ ኣይተፍርሰለይ ንዝበልእ ተበዳሊት ወ/ሮ ለተብርሃን መብራህቱ እምኒ ጨቢጡ ኣብ ኣፈን ወቒዑ ላዕለዋይ የማናይ ዓቃቢቶ ስነን ክረግፍ ስለዝገበረን ብቴስታ ወቒዑ ናብ መሬት ክወድቃ ብምግባሩን ተኸሲሱ ዝብል እዩ ።

**ሰ.መ.ቁ 125259**

ተፀዋዒ ንዝቐረበሉ ክሲ ስለዝኸሓደ ወረዳ ቤት ፍርዲ መረዳእታ ዓ/ሕጊ ብምስማዕ ተፀዋዒ ካብ ዝተኸሰሰሉ ገ/ሕ/ቑ 555(ለ) ብመሰረት ገ/ስ/ስ/ቁ 113(2) ቀይሩ ንገ/ሕ/ቑ 556(2) (ሀ) ንኽከላኸል ብይን ሂቡ እዩ። መከላኸሊ መርትዖ ተፀዋዒ ስሚዑ ድማ ተኸሳሲ ኣይተኸላኸለን ብምባል በቲ ክከላኸሎ ብይን ዝተውሃበ ገ/ሕ/ቑ 556(2) (ሀ) ጥፍኣተኛ ኢልዎ እዩ። ቅፅዓት ሓሳብ የማነ ፀጋም ሰሚዑ ንተፀዋዒ ብብር 1200 (ሓደ ሽሕን ክልተ ሚኢትን) ክቕፃዕ ወሲኑ እዩ።

ዓ/ሕጊ ነዚ ውሳነ ወረዳ ቤት ፍርዲ ብምቅዋም ናብ ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣኽሱም ይግባኣኒ ዝበለ እንትኸውን ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንቅርታ ዓ/ሕጊ ምስ ትሕዝቶ ስር መዝገብ መርሚሩ ዝሓዞ መቐረቢ ነጥቢ ፦ ወረዳ ቤትፍርዲ ተኸሳሲ ካብ ዝቐረበሉ ክሲ ገ/ሕ/ቑ 555(ለ) ናብ ገ/ሕ/ቑ 556(2) (ሀ) ምቕያሩ ብኣግባቡ ድዩ ? ብኣግባቡ እዩ እንተተባሂሉኸ ኣብ ቅፅዓት መዳዩ ተኸሳሲ ብገንዘብ ክቕፃዕ ዝተወሰነ ሕጋዊ ድዩ ኣይኮነን? ዝብል ተዓርዩ ክውሰን እዩ። ማእኸላይ ቤትፍርዲ ኣብቲ ዝሓዞ መቐረቢ ነጥቢ የማን ፀጋም ኣካቲዑ ብዕለት 12/10/2012 ዓ.ም ብገ.መ.ቑ 27480 ኣብ ዝወዓሎ መጋባእያ ወረዳ ቤትፍርዲ ናይ ጥፍኣተኝነት ውሳነኡ ንኸፀንዕ፣ኣብ ቅፅዓት ዝሃቦ ውሳነ ግን ተፀዋዒ ጥፍኣተኛ ዝተብሃለሉ ገ/ሕ/ቑ 556(2) (ሀ) ብገንዘብ ዘቕፅዕ ስለዘይኮነ ወረዳ ቤት ፍርዲ ንተፀዋዒ ብገንዘብ ብር 1200 ክቕፃዕ ምውሳኑ ሕጋዊ ኣይኮነን ብዝብል ምኽንያት ተፀዋዒ ብ4 ወርሒ ቐሊል ማእሰርቲ ንኽቕፃዕ ኣብ ቅፅዓት መዳዩ ብምምሕያሽ ወሲኑ እዩ።

ካብዚ ብምቕፃል ኣመልካቲ ንውሳነ ወረዳን ማእኸላይን ኣብያተ ፍርዲ ብምቅዋም ጥርዓን ናብ መጋባእያ ዋኒን ስበር ዘቕረበ ኮይኑ ጥርዓን ኣመልካቲ ተመርሚሩ ብስበር ምፅራይ ገበን መጋባእያ ዝተትሓዘ መቐረቢ ነጥቢ ፦ ብሱር ኣብያተ ፍርዲ ዝተረጋገፀ ግዙፋዊ ፍረነገር ኣብ ገበን ከቢድ ኣካል ጉድኣት ዘወድቕ ድዩ ወይስ ኣብ ገበን ቐሊል ኣካል ጉድኣት ዘወድቕ እዩ? ዝብል እዩ። ኣብዚ መቐረቢ ነጥቢ የማን ፀጋም ክትዖም ተሰሚዑ እዩ። እንተኾ ግና ብኣመልካቲ ናብ ሰበር ዝቐረበ ጥርዓን ወረዳ ቤት ፍርዲ ዝወሰኖ ውሳነ ማእኸላይ ቤትፍርዲ ዘመሓየሾ ስለዝኾነ፣ጥርዓን ኣመልካቲ ናብ መጋባእያ ዋኒናት ስበር ክቐርብ ዝግበኦ ድዩ ኣይኮነን? መጋባእያ ስበር ከ ነዚ ዋኒን ሪኡ ክውስን ስልጣኑ ድዩ ኣይኮነን? ብኣንፃር ዝተመሓየሸ ስልጣንን ተግባርን ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ ንምምሕያሽ ዝወፀ ኣዋጅ ቑፅሪ 332/2012 ዓንቀፅ 17(2) ምስ ኣብ ዓንቀፅ 2/14/ *ንዝተለወጠ ውሳነ ዝተውሃቦ ፍታሕ* ኣገናዚብካ ብ7 ዳያኑ ፈለማ ውሳነ ክወሃቦ ብመጋባእያ ስለዝተኣመነሉ፣ ስነ ስርዓቱ ብዝሓለወ መንገዲ ናብ ፕሬዝዳንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ተመሪሑ ብ 7 ዳያኑ ውሳነ ክወሃበሉ ቅቡልነት ረኺቡ እዩ። ድሕሪ እዚ ድማ ናይ የማን ፀጋም ክትዕ ተሰሚዑ እዩ። ትሕዝቶ እቲ ክትዕ ድማ ከም ዝስዕብ ሰፊሩ ኣሎ።

ፈለማ ብኣመልካቲ ዝቐረበ ፦ ወረዳ ቤትፍርዲ ኣብ ዝወሰኖ ውሳነ ይግባኣኒ ናብ ማእኸላይ ቤትፍርዲ ስለዝበልና ፣ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣብ ቕፅዓት ኣመሓይሽዎ እዩ። ሐዚ ድማ ኣብ ጥፍኣተኝነት ናብ መጋባእያ ዋኒናት ስበር ጥርዓን ኣቕርብና የቕርብ ተባሂሉ እዩ። ኣብ ሕጊ ገበን ስነ ስርዓት ኣቀራርባ ጥርዓን ስበር ብዝምልከት ዝሓገጎ ነገር የለን። ስለዚ ኣዋጅ ቑፅሪ 332/2012 ዓንቀፅ 17(2) ከምኡ እውን 19 (2) (ሀ) ብጥምረት እንትንበቡ ኣብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ተወሲኑ ኣብ ማእኸላይ ቤትፍርዲ ዝተለወጠ ውሳነ እንተሂቡ፣ናብ ላዕለዋይ ቤትፍርዲ ይግባኣኒ ክምዝበሃል ተሓጊጉ ንረኽቦ። ነገር ግና ዝተሰወጠ ውሳነ ብኣንፃር ጥርዓን መቐረቢ ክርእ እንተሎ ናብ መጋባእያ ዋኒን ስበር እዩ ጥርዓን ክቐርብ ዝግብኦ። ናብ ላዕሰዋይ ቤት ፍርዲ ይግባኣኒ ክብል መስል ዘስዎ ተፀዋዒ እዩ። ስለ ምንታይሲ ኣብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ብገንዘብ ተቐፂዑ ዝነበረ ብማእሰርቲ ስለዝተቐየረ፣ እዚ ድማ ብኣንፃር ኣመልካቲ ዝሐሸ ቕፅዓት ስለዝኾነ ናብ መጋባእያ ዋኒን ስበር ጥርዓን ምቕራብና ብኣግባቡ እዩ

Tigrai Region Supreme Court President Office

ክልተ ግዘ ይግበኣኒ ምባል ኣይፈቅድን፤ በቲ ሕጊ ሓደ ግዘ እዩ ይግበኣኒ ዝብሃል ብምባል ክትዕ ቀሪቡ እዩ ።

ተፀዋዒ ዝሃቦ መልሲ ድማ ፦ ጥርዓን ኣመልካቲ ናብ መጋባእያ ዋኒን ሰበር ድዩ ክቐርብ ዝግባእ ወይስ ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣፍልጦ የብለይ፤ ባዕሉ ቤት ፍርዲ ይርኣየለይ ብምባል መሊሱ እዩ። እዚ ልዕል ኢሉ ዝተገለፀ ሓፂር ኣመፃፅኣ ሉር መዝገብን ክትዕን ኮይኑ፤ እዚ ሰበር መጋባእያ እቲ ክምርምሮ ዝሓዞ መቕረቢ ነጥቢ ምስ ኣግባብነት ዘለዎም ሕግታት ከም ዝስዕብ መርሚርዎም ኣሎ።

መሰል ይግበኣኒ ኣብ ዓለምለኻውን ኣህጉራውን ቃልኪዳናት ይኹን ኣብ ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያን ትግራይን ዝተሓገገ ስለዝኾነን፤ ኣብያተ ፍርዲ ድማ ነዚ መሰል እዚ ኣብ ምኽባር ብዕቱብ ክሰርሓሉ ከም ዝግባእ ዘየማትእ ሓቂ እዩ። ብመሰረት ዕንሰ ሓሳብ ስነ ሕጊ ድማ መሰል ሕቶ ይግበኣኒ ዝኽሰት ሓደ ቤትፍርዲ የማን ፀጋም ተኻታዕቲ ኣካቲዑ ኣብ ዘካትዕ ዛዕባ ኣመልኪቱ ኣብ ዝህቦ ፍርዲ፤ ውሳነ ፣ ብይንን ትእዛዝ ዘይተስማዕመዐ ወገን ኣብ ምዕራይ ፍረነገር፣ ኣተረጓጉማ ሕጊ ውወ ኣብ ክልቲኡ ተፈፂሙ ዝብሎ ስሕተት ዘርዚሩ ብምግላፅ ንክእረመሉ ናብ ብልዕሊኡ ዘሎ ይግበኣኒ ሰማዒ ኣካል ብምቕራብ ፍትሒ ናይ ምርካብ መሰሉ ንምርግጋፅ ዝተዘርገሐ መስርሕ ሕጊ እዩ። ኣፈፃፅምኡ ድማ ብሕጊ ስነ ስርዓት ዝምራሕ እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ መስርሕ ይግበኣኒ ልዓም ኣልቦ ከይኸውንን ግን ድማ ዝተዛነፈ ፍትሒ ብዝእርም መልክዑ ንተኻታዕቲ ወገናት ገደብ መሰል ምክታዕን ብማዕርነት ሓልዩ ፍትሓዊ ስርዓት ይግበኣኒ ንክህሉ እዩ ።

ብምኳኑ ልዕል ክብል ከምዝተገለፀ መስርሕ ይግበኣኒ ብዙሕ ሓይሊ ሰብን ንዋትን ዝጠልብ ብምኳኑ፣ ብቐንዱ ድማ ተኻታዕቲ ወገናት ብዝለፍሐ መልክዑ ኣሰና ዝብልዎ መርትዖኦምን ክትዖምን ኣብ ፈላማይ ብርኪ ቤትፍርዲ ዘቕርቡ ስለዝኾኑ፤ እቲ መሰል ይግበኣኒን ክትዕን ብሕጋዊ ስነ-ኣመኽንዮ ደገፍ ንዘይብሉ ግዘ ተኻታዕቲ ኣብ ሞጎት ክፀንሑ ዝሓስብ ኣይኮነን ። ስለዚ ካብቶም ዕላማታት ሕጊ ስነስርዓት ሓደ መሰል ይግበኣኒ ፍኑው ዘይኮነስ ሕጋዊ ገደብ እውን ዘለዎ ብምኳኑ፤ብመንፅር ቑጠባዊ ኣዋፃኣይነት ሓንቲ ዓድን ንመንግስቲ ይኹን ንተኻታዕቲ ወገናት እናተርኣየ፤ ውዕሊታዊ ብዝኾነ ኣገባብ ክትዓት ኣብ ክገመት ዝኽእል ግዘን ብርኪ ቤት ፍርድን ዕልባት ረኺቦም ጠጠው ክብሉ ንምግባር እዩ። በዚ መዳይ ዋኒን ገበን ብሕጊ ገበን ስነስርዓት ዝምራሕ ኮይኑ፤ ዋኒን ፍታብሄር ድማ ብሕጊ ፍታብሄር ስነስርዓት ምኳኑ ዘየካትዕ መትከል ሕጊ እዩ። ኣብ ኢትዮጵያ ይኹን ኣብ ትግራይ እውን ዋኒናት ዝምርሕሉ ተመሳሳሊ ብምኳኑ፤ ሕግታት ስነስርዓት ገበንን ፍታሃብሄርን ተሓጊጎም ኣብ ስራሕ ዘለዉን ምኳኖም ይፍለጥ። እዞም ሕግታት ድማ ንናይ ባዕሎም ፍሉይ ባህርን ተመሳሳልነትን ዘለዎም እዮም። ካብ ዘመሳስልዎም ሓደ ይግበኣኒ ሰማዒ ቤት ፍርዲ ኣብ ዋኒናት ገበን ይኹን ፍታብሄር ዘለዎ ስልጣን ናይ ብትሕቲኡ ዘሎ ቤትፍርዲ ውሳነ ክስዕር፣ ከመሓይሽ ፣ከፅንዕን ስዒሩ ብነጥቢ ክምልስን ስልጣን ዝተውሃቦ ምኳኑ ካብ ሕጊ ገ/ስ/ስ/ቁ/ 195ን ፍታብሄር ስነስርዓት ቑፅሪ 348 ፣341፣343ን ምርዳእ ይከኣል ።

ይኹን ዳእምበር እዞም ሕግታት ስነስርዓት ኣብ ስሩዕ ሕግታት ስነስርዓት ጥራሕ ዝርከቡ ዘይኮነስ ኣብ ካልኦት ሕግታት እውን ዝርከቡ እዮም። ብፍላይ ድማ ኣብ መጣየሺ ኣዋጅ ኣብያተ ፍርዲ ውን ክልልናን ሃገርናን እውን ተሓጊጎም ንረኽቦም ። ኣብ ክልልና እኳ ሐዚ ኣብ ስራሕ ዘሎ ዝተመሓየሸ ኣዋጅ ስልጣንን ተግባርን ስሩዓት ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቑፅሪ 332/2012 ስርዓት ይግበኣኒ ኣብ ገበንን ፍታብሄርን ዝሕግጉ ዓናቕፅ ሒዙ ንረኽቦ።

ይኹን ደእምበር እዚ ኣዋጅ ዝወፀሉ ዕላማ ስነስርዓት ንምሕጋግ ስለዘይኮነ፣ኣብቲ ኣዋጅ ተ[illegible] መሰረታዊ ትሕዝቶን ስርዓትን ይግበኣኒ ሕጋዊ ሕሳቦኡ ካብቲ ስሩዕ ስነስርዓት ገ[illegible]

Tigrai Region Supreme Court President Office

ተቐዲሑ ዝመፀን ንኣወሃህባ ትርጉም ምስቲ ስሩዕ ስነስርዓትን ዝኽተሎ መትከላት ስርዓትን ብስፊሑ ብብርኺ ሃገር ኣብያተ ፍርዲ ዝሰርሱ ዘሎ ኣተሓሕዛካ ዝርአ እምበር ንበይኑ ጠጠው ኢሉ ንስነስርዓት ሕጊ ዝትክእ ክምዘይኮነ ምግንዛብ ይከኣል እዩ። እዚ ንምኺኑ እውን ድሕሪ ባይታ እዚ ኣዋጅ ቑፅሪ 332/2012 ሓፈሻዊ ብዝኾነ ኣገባብ ምፍታሽ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ክልል ትግራይ ቅድሚ እዚ ዝተመሓየሸ ኣዋጅ (ኣዋጅ 332/2012) ምውፅኡ መጣየሺ ኣብያተ ፍርዲ ትግራይን ስልጣኖምን ተግባሮምን ንምውሳን ዝወፁ ኣዋጃት ብቐደም ስዓብ ፦ ኣዋጅ ቑፅሪ 3/1985፣ ኣዋጅ ቑፅሪ 5/1988፣ኣዋጅ ቑፅሪ 30/1990፣ኣብ ተመሳሳሲ ዓንቀፅ ኣብ ዓንቀፅ 5 ከመኡውን ኣብ ኣዋጅ ቑፅሪ 49/1994 ኣብ ዓንቀፅ 16 ፣ ኣዋጅ ቑፅሪ 187/2003 ኣብ ዓንቀፅ 7፣ኣዋጅ ቑፅሪ 243/2006 ከመኡውን ኣዋጅ ቑፅሪ 332/2012 ኣብ ተመሳሳሲ ዓንቀፅ 8(1) ኣጠቓቕማ መስል ይግበኣኒ ተኻታዕቲ ወገናት ኣብ ሕጊ ስነስርዓት ገበንን ፍታብሄርን ዝተቐመጠ ኣገባብ ክምራሕ ከምዘለዎ ሓጊኖም ንረኽቦም።

ካብዞም ኣዋጃት እዚኦም ብዛዕባ ስበር መጋባእያ ምህላዉ ዝገልፅ ኣዋጅ 30/90 ኣብ ዓንቀፅ 13 ፣ኣዋጅ ቁፅሪ 49/1994 ኣብ ዓንቀፅ 16 ፣ኣዋጅ ቁፅሪ 187/2003 ኣብ ዓንቀፅ 7 ኣጠቓቕማ መስል ይግበኣኒ ተኻታዕቲ ወገናት ኣብ ሕጊ ስነስርዓት ገበንን ፍታብሄርን ዝተቐመጠ ኣገባብ ክምራሕ እናበሉ ሓጊኖም ንረኽቦም ። ኣዋጅ ቁፅሪ 243 ኣብ ዓንቀፅ 8(2) ግን ስበር መጋባእያ ዝምርሓሉ ኣገባብ ካብ ኣብ ገበንን ፍታብሄርን ዝተሓገጉ ሕግታት ብተወሳኺ ኣብቶም ኣዋጃት ዝተገለፁ እውን ዝሓውስ ምኺኑ ሓጊጉ እዩ ።

ኣዋጅ ቑፅሪ 332/2012 ኣብ ዓንቀፅ 8(2) ዝሓገጎ ድማ መጋባእያ ዋኒን ስበር ብቐንዱ ዝምርሓሉ በቲ ኣብቲ ኣዋጅ ቑፅሪ 332/2012 ብዝተሓገገ ስነስርዓትን ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብዘውፀኦ መምርሕን ክምራሕ ሓጊጉ እዩ። በዚ መሰረት ድማ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ መምርሒ ስበር ቑፅሪ 1/2013 ዘውፀአ ኮይኑ ኣብዚ ኣዋጅን መምርሕን ኣብ ዘይተሸፈኑ ግን ሕግታት ፍታብሄር ይኹን ገበን ስነስርዓት ብመመላኣይነት ክኽተል ከምዝኽእል ሓጊጉ እዩ። ሕጊ ስነስርዓት ፍታብሄርን ገበንን ድማ ንኻልኦት ፈላማይን ይግበኣኒ ስማዕቲ ኣብያተ ፍርድን መጋባእያን ዝኽተልዎ ከምዝኾነ ሓጊጉ እዩ።

ኮይኑ ግና ዋላ ከምዚ እሱ እንተሓገገ፣ ሐዚ እውን ግን ኣብ ኣዋጅ ቑፅሪ 332/2012 ዘለዉ ሕጋገታት ስነ ስርዓት ይኹን ኣብ መምርሒ ስበር መጋባእያ ቑፅሪ 1/2013 ዘለዉ ስነስርዓታዊ ሕግታት ትሕዝትኦም እንትርአ ኣብ መስል ይግበኣኒ ዝኽተሎ ስነስርዓት ዝምልከት ካብቲ ስሩዕ ስነስርዓት ገበን ይኹን ፍታብሄር ዝተፈለየ ዝሓገገ ሕጊ የለን። እዞም ቅድሚ ኣዋጅ ቑፅሪ 332/2012 ዝወፁ ኣዋጃት ይኹን ባዕሉ እዚ ኣዋጅ ናይ ገበን ይኹን ፍታብሄር ኣብ መስል ይግበኣኒ ዝኽተሎ ስነስርዓት እንተይፈላለየ ጠቕሲሱ ብተመሳሳሲ መትከል ዝሓዘ ኮይኑ፣ ኣብ ዋኒናት ገበን ይኹን ፍታብሄር መስል ይግበኣኒ ሓደ ግዘ ጥራሕ ምኺኑ ዘመላኽት እዩ።

ብምኺኑ ድማ ካብ ትሕዝቶ ኣዋጅ ቑፅሪ 332/2012 ዓንቀፅ 17/1/ ምርዳእ ዝከኣል፣ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ መጋባእያ ይግበኣኒ ዘለዎ ስልጣን፣ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣብ ይግበኣኒ ብርኺ ኮይኑ ኣብ ዝሃቦ ውሳነ ካብቲ ናይ ወረዳ ቤት ፍርዲ ውሳነ ዝተሰወጠ ውሳነ እንተሂቡ፣በዚ ውሳነ ዘይተሰማዕመዐ ተኻታዒ ብይግበኣኒ ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ይግበኣኒ ስማዒ መጋባእያ ክመፅእ ከምዝኽእልን ስልጣን ይግበኣኒ ስማዒ መጋባእያ ምኺኑን ሓጊጉ እዩ። ኣብዚ ሕጋገ ዝተገለፀ *ዝተለወጠ ውሳነ* ዝብል ሓረግ ድማ እንታይ ማለት ምኻኑ ኣብቲ ኣዋጅ ኣብ ዓንቀፅ 2(14) ዝተውሃቦ ፍታሕ ቃል (ትርጉም) ይግበኣኒ ዝተብሃሎ ውሳነ ይግኣኒ ስማዒ ቤትፍርዲ ሙሉእ ብሙሉእ ካብ ምፅናዕ ወፃኢ ዘሎ ዝኾነ ዓይነት ስውጢ ዘለዎ ውሳነ ዝብል ምኻኑ እዩ። ኣብዚ ሕጋገ ካብ ምዕና[illegible]

Tigrai Region Supreme Court President Office

**ሰ.መ.ቁ 125259**

ዓይነት ለውጢ ዝብል ፍታሕ ቃል ንበይኑ ነጊልካ ወሲድካ ግልፅን ንትርጉም ዘይዕድምን ምኽኑ ኣየካትዕን ::

ይኹን ድኣ ምበር ምስ መሰል ይግባኣኒ ተተሓሒዙ ካብ ምፅናዕ ወፃኢ ዘሎ ለውጢ ንመን እዩ ? ዝብል ግን በቶም ልዕል ክብሉ ዝተቐመጡ ፅንሰ ሓሳባት፣ መሰልን መትከል ይግባኣኒን መሰረት ብምግባር ኣብ ሰር ኣብያተ ፍርዲ ይኹን ኣብ መጋባእያታት ላዕለዋይ ቤትፍርዲ ዘሎ ናይ ይግባኣኒ ስርዓት ዘሎ ዝተፈላለየ ኣረዳዳኣ ንምፅባብ ግልፂ ትርጉም ክወሃቦ ዝግባእ እዩ።

ኣብዚ ኣዋጅ ቁፅሪ 332/2012 ዓንቀፅ 17(2) ካብ ዝተውሃቡ ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ይግባኣኒ ሰማዒ ስልጣን ኣብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ተወሲኑ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ድማ ብይግባኣኒ ሪኡ ዝለወጦ ውሳነ እንተኾይኑ ብይግባኣኒ ክሪኦ ዝኽእል ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ይግባኣኒ ሰማዒ ከም ዝኾነ ብግልፂ ኣቐሚጡ እዩ። እዚ ከምዚ እናሃለወ ድማ ወረዳ ቤት ፍርዲ ብፈላማይ ብርኪ ሪኡ ኣብ ዝወሰኖ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ድማ ብይግባኣኒ ሰሚዑ ነቲ ናይ ወረዳ ቤት ፍርዲ ውሳነ ወይ ትእዛዝ እንተፅኒዕዎ ቀፂሉ መሰል ይግባኣኒ ዘየለ ምኽኑ ክቐርብ ዝግበኦ ጥርዓን ናብ ዋኒናት መጋባእያ ሰበር ምኽኑ ኣብ ዓንቀፅ 19/2/ሀ/ ተሓጊጉ እዩ ።

ኣብዚ ክልዓል ዝግበኦ መሰረታዊ ነጥቢ ሓደ ውሳነ ኣብ ፈላማይ ብርኪ ቤት ፍርዲ ወይ ድማ ኣብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምስተወሰነ፣ብይግባኣኒ ሰማዒ ተለዊጡ ዝብል ፍታሕ ቃል ብመንፅር ዘንጊ ተኸታዕቲ ምምርማሩን ምርኣዩን መሰል ይግባኣኒ ምስ ዕላማን ድሌትን መውፅኢ ሕጊ ተቓንዩ ክርአ ትርጉም ዘድልዮን እዩ ።

ኣብ ኣዋጅ 332/2012 ዓንቀፅ 2/14/ ዘሎ ፍታሕ ሓረግ ምርዳእ ዝከኣል ኣብ ይግባኣኒ ሰማዒ ቤትፍርዲ ዝወሃብ ውሳነ ተለዊጡ ዝበሃል ካብ ምፅናዕ ወፃኢ ዘሎ ዝኾነ ዓይነት ውሳነ ከምዝኾነ ብግልፂ ካብቲ ፍታሕ ቓል ምግንዛብ ይከኣል እዩ ። እዚ ፍታሕ ቃል ድማ ኣብ ከልቲኡ ውሳነታት ገበንን ፍታብሄርን ክሰርሕ ዝተውሃበ ኮይኑ፣ ምእንቲ ስርዓት ይግባኣኒ ኣብ ቤት ፍርዲ ዝወሃቡ ውሳነታት ዝፀንዑን ዝተለወጡን (ምሉእ ብምሉእ ካብ ምፅናዕ ወፃኢ) ብምባል ኣብ ክልተ ስለዝኸፈሎም፣ ምምሕያሽ ውሳነ ኣብ ዝተለወጠ ውሳነ ውሽጢ ዝተኻተተ ምኽኑ ምርዳእ ይከኣል እዩ ። ኣብዚ ሕጋገ ዘሎ ትሕዝቶ ይግባኣኒ ሰማዒ ኣብ ዝውስኖ ውሳነ ዝህልዎ ስልጣንን ውሳነ ሰር ቤት ፍርዲ ናይ ምፅናዕን ምምሕያሽን፣ምልዋጥን ከምኡ እውን ምስዓር ብምባል ዝተቐመጡ ቃላት ብምቑጣብ ብጥቕሉል ሓረግ ዝተለወጠ ውሳነ ብምባል ካብ ምግላፅ ወፃኢ ኣብ ስልጣን ይግባእኒ ሰማዒ ቤትፍርዲ ዘቐመጦ ገደብ ወይ ምምሕያሽ ኣይገበረን ። ኣብ ናይ ተኻታዕቲ ወገናት ደረት መሰል ይግበእኒ ምምሕያሽ ዝገበረ ሕጋገ እውን ኣይኮነን። ኣብ ዋኒናት ገበን ይኹን ፍታብሄር ወረዳ ቤት ፍርዲ ዝወሰኖ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምሉእ ብምሉእ እንተኣፅኒዕዎ ናብ መጋባእያ ዋኒን ሰበር ዝኸይድ ምኽኑ ኣብ ኩሎም ልዕል ኢሎም ዝተገለፁ ሕግታት ተሓጊጉ እዩ። እዚ ዘርእየካ ድማ መሰል ይግበእኒ ኣብ ገበን ይኹን ኣብ ፍታብሄር ንሓደ ተኻታዒ ሓደ ግዘ ጥራሕ ዝፍቀድ ምኽኑ እዩ ።

ስለዝኾነ ድማ ዝተለወጠ ውሳነ ማለት ምሉእ ብምሉእ ካብ ምፅናዕ ወፃኢ ዝተወሰነ ውሳነ ብዝብል ኣገላልፃ ሰር ቤት ፍርዲ ካብ ዝሃቦ ውሳነ ብኣንፃር ዘንጊ ተኸታዕቲ ዝረኸበዎ መሰልን ግቡእን ተራእዩ ዝተለወጠ ውሳነ ምህላው ዝረጋገፅ እምበር፣ መሰል ይግበኣኒ ካብ መትከል ይግበኣኒ ብተፃራሪ ይግበእኒ በሃሊ ኣድሪጉ ካብ ሓደ ግዘ ንላዕሊ ንካብ ሓደ ይግበኣኒ ሰማዒ ቤትፍርዲ ንላዕሊ ይግበኣኒ እናሓተተ ዝተናወሐ ሞጎት ንምፍጣር ዕድል ዝህብ ኣይኮነን። ይግበኣኒ ሰማዒ ቤትፍርዲ እውን ብኣንፃር ሕጊ ገ/ስ/ስ/ቁ 195ን ፍ/ስ/ስ/ሕ/ቁ 348(1) ብዝተውሃበ ስልጣን መሰረት ናይ ሰር ቤት [illegible] እንትልውጥ ወይ እንተመሓይሽ ካብቲ ብሰንሰለት ብርኪ ኣብያተ ፍርዲ ሓደ ብርኪ ት[illegible]

ፍርዲ ዝሃቦ ውሳነ ብዝተፈለየ መልክዑ ንሓዲኦም ዘንጊ ተኸታዕቲ መሰል እንተሰእን እምበር፤ ካብቲ ብሱር ቤትፍርዲ ዝተውሃበ ውሳነ ብዝሐሸ መንገዲ ንሕቶ ይግበኣኒ በሃሊ ብኽፋል ብምዕጋብ ዝተወሰነ ውሳነ ብመንፅር እቲ በቲ ዝተወሰነ ውሳነ ዝተጎድአ ይግበኣኒ መልሲ ወሃቢ እምበር ብኣንፃር ይግበኣኒ በሃሊ ዝሓተቶ ዳይነት ዝተሰወጠ ውሳነ ኣሎ ዘብል ዕላማ ዘለዎ ሕጋገ ኣይኮነን። ስለዚ ድማ እቲ መሰል ይግበኣኒ ንይግበኣኒ መልሲ ወሃቢ ብታርሑ ሓደ ግዘ ይግበኣኒ ክብል መሰል ዝህብ እምበር ንይግበኣኒ በሃሊ ብኽፋል ዝሓተቶ ተወስኑሉ እናሃለወ ንካልኣይ ግዘ ኣድሪጉ መሰል ይግብኣኒ ዝህብ ኣይኮነን።

ኣብዚ መትከል እዚ ኮይንኻ ክረአ ዘለዎ ድማ ትሕዝቶ እቲ ሕጋገ ይግበኣኒ ሰማዒ ቤት ፍርዲ ብዝህቦ ውሳነ ካብ ፈላማይ ብርኪ ቤት ፍርዲ ዝሃቦ ውሳነ ብዝተፈለየ ዝተጎደአ ወገን ይግበኣኒ እንተሓቲቱ እውን፤በዚ መዳይ ኣብ ዝቐርብ ቅርታ ኣብ ይግበኣኒ ሰማዒ ቤት ፍርዲ ዝተመሓየሸ መሰል ብምርካቡ ጥራሕ በቲ ሓደ ወገን ንዘህሉ ናይ ይግብኣኒ ክርክር መስቀለኛ ይግበኣኒን መቃወምያን ንምቕራብ ዝኽልክል ሕጋገ ዘይምኳኑ እዩ። ስለዚ ናይቶም ሕግታት ስሩዓት ስነ ስርዓት ክልከላ መትከል ይግበኣኒ ሓደ ግዘ እዩ ዝብል መትከል ብናይ ብዕልኻ መስመር ኣድሪግካ ክልተ ግዘ ይግብኣኒ ምባል ከም ዘይከኣል ንምግላፅ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ካብ መጣየሺ ኣዋጅ ስልጣንን ተግባርን ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቑፅሪ 332/2012 ከምኡ እውን ሕጊ ስሩዓት ስነ ስርዓት ስልጣን ይግበኣኒ ሰማዕን ኣጠዓዒምካ ብምርኣይ *ዝተሰወጠ ፍርዲ* ዝብል ሓረግ ብመንፅር ተኸታዒ ዝሓተቶ ዳይነትን ኣብ ፈለማይ ብርኪ ቤት ፍርዲ ካብ ዝተረጋፀሉ መሰል ብዝተፈለየ ኣብ ይግብኣኒ ሰማዒ ቤት ፍርዲ መለሉ ብክፋል ይኹን ብሙሉእ እንተሰኢኑ እዩ ብምባል ኣብ መደምደምታ ተበፂሑ ኣሎ።

እንትጠቓለል እቲ ዝተመሓየሸ ኣዋጅ መጣየሺ ስልጣንን ተግባርን ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ ኣዋጅ ቁፅሪ 332/2012 ዓንቀፅ 2 (14) ዘሎ *ዝተሰወጠ ውሳነ* ዝብል ፍታሕ ቃል መሰረተ ሓሳቡ ብመንፅር ናይ ተኸታዕቲ ዝሓተትዎ ዳይነት ኣብ ዝረኸብዎ ይኹን ዝሰኣንዎ መሰል ዝድረኽ ብምኳኑ እምበር ብሽም ዝተሰወጠ ውሳነ በቲ ዝተሰወጠ ውሳነ መሰሉ ዝተተንከፈ ይኹን መሰል ዝረኸበ ክልቲኦም ይግበኣኒ ንኽብሉ ዝሓስብ ኣይኮነን።

በዚ ልዕል ኢሉ ዝተተርጎመን ዝተገለፀን ሕሳቦ ሕጊ ኣብዚ መዝገብ ናብ ዝተትሓዘ ዋኒን ገበን ክሲ ከቢድ ኣካል ምጉዳል እንትንምለስ፤ኣብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ላዕላይ ማይጨው ተፀዋዒ ዝተኸሰሰሉ ገ/ሕ/ቑ 555(ለ) ናብ ገ/ሕ/ቑ 556(2)(ሀ) ቐይሩ ንተፀዋዒ ጥፍኣተኛ ኢሉ ብገንዘብ ክቕፃዕ ዝወሰነ ኮይኑ፤ ኣመልካቲ ናብ ማእኸላይ ቤትፍርዲ ምድብ መጋባእያ ኣኽሱም ይግበኣኒ ብምባሉ ምኽንያት ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ድማ ንቅርታ ኣመልካቲ የቕርብ ኢሉ ኣካቲዑ፤ ወረዳ ቤትፍርዲ ዝወሰኖ ኣብ ጥፍኣተኛነት ብምፅናዕ ቅፅዓት ተፀዋዒ ግን ናብ ማእሰርቲ ስለዝተቐየረ ዝተለወጠ ውሳነ እዩ ። በዚ ዝተለወጠ ውሳነ ማእኸላይ ቤትፍርዲ መሰሉ ዝተተንከፈ ድማ ተፀዋዒ እምበር ኣመልካቲ ስለዘይኮነ፤ ዝተሰወጠ ውሳነ ብዝብል ምኽንያት ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲመጋባእያ ዋኒን ገበን ይግበኣኒ ክብል ዝኽእል ተፀዋዒ እምበር ኣመልካቲ ይግበኣኒ ክብል መሰል የብሉን ። ብምኳኑ ኣመልካቲ ጥርዓን ከቕርብ ዝኽእል ናብ መጋባእያ ዋኒን ሰበር ብምኳኑ፤ ኣመልካቲ ጥርዓኑ ናብ መጋባእያ ዋኒን ሰበር ምቕራቡ ስነስርዓታዊ እዩ ኢልካ ምውሳድ ይክኣል ። ስለዝኾነ ድማ መጋባእያ ዋኒን ሰበር ጥርዓን ኣመልካቲ መርሚሩ ውሳነ ክህበሉ ስልጣኑ እዩ ብምባል ብምሉእ ድምፂ ፍርዲ ተዋሂቡ ኣሎ ። እቲ ብ 5 ዳያኑ ክውሰን ተታሒዙ ዝነበረ መቕረቢ ነጥቢ ፦ ብሱር ኣብያተ ፍርዲ ዝተረጋገፀ ግዙፋዊ ፍረነገር ኣብ ገበን ከቢድ ኣካል ጉድኣት ዝወድቕ ድዩ ? ወይስ ኣብ ገበን ቐሊል ኣካል ጉድኣት ዝወድቕ እዩ? ዝብል ብ7 ዳያኑ ትርጉም ሕጊ ክወሃቦ ዝተትሓዘ መቕረቢ ነጥቢ ስለዘይኮነ፤5 ዳያኑ ዝተሰየሙሉ መጋባእያ ዝ[illegible] ውሳነ ክህበሉ ተሓሊፉ ኣሎ ።

Tigrai Region Supreme Court
President Office

ሰ.መ.ቁ 125259

*ውሳነ*

1. ኣመልካቲ ዘቕረብዎ ጥርዓን ብመሰረት ኣዋጅ ቑፅሪ 332/2012 ዓንቀፅ19/2/ሀ/ ክምኡ እውን በዚ መዝገብ ብዝተውሃበ ትርጉም መሰረት ናብ መጋባእያ ዋኒናት ሰበርሽ ላዕለዋይ ቤትፍርዲ ክልል ትግራይ ምቕራቡ ስነ ስርዓታዊ እዩ።
2. ጥርዓን ኣመልካቲ መጋባእያ ዋኒናት ሰበር መርሚሩ ውሳነ ክህበሉ ስልጣን ኣለዎ ።
3. ኣብዚ መዝገብ ብ 7 ዳያኑ ክምርመር ዘይተትሓዘ መቕረቢ ነጥቢ 5 ዳያኑ ዝተሰየሙሉ መጋባእያ ዋኒናት ሰበር ውሳነ ክህበሉ ተሓሊፉ ኣሎ ።

*ትእዛዝ*

1. ኣብዚ መዝገብ ብ 7 ዳያኑ ክውሰን ዝተትሓዘ መቕረቢ ነጥቢ ዕልባት ረኺቡ ኣሎ።
2. እዚ ውሳነ ሱር ኣብያተ ፍርድ'ን መጋባእያታት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ'ን ክፈልጥዎ ተኣዚዙ ኣሎ።
3. ዝተረፈ መቕረቢ ነጥቢ ብ 5 ዳያኑ ውሳነ ክረክብ መዝገብ ናብ ዳያኑ ይቕረብ ።